ማሕበር ኤርትራውያን ንፍትሒ ኒውዮርክን ከባቢኡን
Eritrean Justice-seekers in NY and its environs

መጸዋዕታ ኣኼባ ንኹሎም ኤርትራውያን
ነበርቲ ኒው-ዮርክ፡ ኒው-ጀርሲን ከነቲከትን፡

Public Meeting Call to all Eritreans
In New-Jersey and Connecticut Area

Saturday, 13 April 2019, 2:00 pm

ማሕበር ኤርትራውያን ንፍትሒ ኒውዮርክን ከባቢኡን ኣብ 2013 ተመስሪቱ ብዙሕ ዝናኣድ ስራሓት እኳ ኣቃኒዑ እንተኾነ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ንጥፈታቱ ካብ ትጽቢት ንታሕቲ'ዩ ዘሎ። ልኡላውነት ሃገርና ኤርትራ ኣብ ኣሰካፊ ኩነታት በጺሑሉ ኣብ ዘሎ እዋን ዳግማይ ተንሲእና፡ ደገፍትን ዘይደፍትን ከይተብሃሃልና ሃገርና ንምድሓን ብሓድነት ክንሰርሕ ይግባኣና እዩ። ካልኦት ከተማታት ተኣኪቦም ኣንታይ ንግበር ኣብዝብል ዙተ ጀሚሮም ኣለዉ ፡ ስለዚ ንሕና ከኣ ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሩና ተኣኪብናን ተጠሚርናን ወከልትና ብምምራጽ ተሳትፎና ክነዕዝዝ ንበገስ። እዚ ብስርዓት ህግደፍ ዝግበር ዘሎ መጠኑ ዝሓለፈ ጥልመት ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ፡ኣብ ግዜና ይኸውን ስለዘሎ፡ ታሪኽ ከምዝሓተና ፈሊጥና ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና እጃምና ከነበርክት ሃገርናን ህዝብናንይጽውዑና ኣለዉ።

እዛ ብመዳርግቲ ኣልቦ ቃልሲ ወሎዶታት ደምን ዓጽምን ብሉጻት ደቃን መስዋኣቲ ሓፋሽ ህዝቢን ዝመጸት ሃገር፡ ንኹሉ ወዲ ሃገር ብማዕረ ነጻን ሓራን ዝገብር እምበር፡ እቲ ሓደ ዝርገጸላ እቲ ሓደ ዝረግጸላ ንምኻን ኣይነበረን፡ ሰማእታትና ከኣ እታ እንኮን ዘይትድገምን ሂወቶም በጃ ዝኸፈሉዋ ንሕና ኣብ ሃገርና ቀሲንና ክንነብር እምበር ክንሓስርን ክንዋረድን ኣይነበረን መስዋእቶም ስለዚ፡ ኩልና ህዝቢ ኤርትራ ንተስእ! ንበራብር! ዝፍጸም ዘሎ ኣስሓኮ ዘይብሉ ክድዓት ዕምሩ ንኽብቅዕ፡ ሎሚ'ውን ከም ትማል ኣንጻር መለኽቲ ደው ንበል።

ስለዚ ኩልና ኤርትራውያን ተቐማጦ ኒው-ዮርክ፡ ኒው-ጀርሲን ከነቲከትን፣
እብዚ ንዕለት 13 ሚያዝያ 2019 ኣብ ኒውዮርክ ተመዲቡ ዘሎ ኣኼባ ተረኺብና ኢሂን ምሂን ንበሃሃል።

ኣኼባ ዝግበረሉ ቦታ (Venue)፡ 2096 Starling Ave. Bronx, NY 10462
ኣኼባ ዝጅምረሉ ዕለትን ሰዓትን (Time)፡ ቀዳም ዕለት 13 ሚያዝያ፡ ሰዓት 2:00 ድ.ቀ.
ንዝያዳ ሓበሬታ (Info)፡ (646)919-6847 ወይ (718)696-7219 ደዊልኩም ተወከሱ።

ኣሸካዕላል ብህዝብን ሃገርን ኤርትራ የብቅዕ!
ንህዝቢ ኤርትራ ራህዋን ንሰላምን ንምስፋን ንለዓል!
ብደሓን ምጹ!